## ጥንሲ/ ሕርሲ

ሕርሲ ከም ህጹጽ ረድኤት ዘድልዮ ናይ ሕክምና ጉዳይ እዩ ዝቁጸር። ስለዚ ዕዳ ናይ ሆስፒታል ወይ ናይ ሕክምና ድሕነት'ዉን እንተሃለወኩም ዝኾነ ሆስፒታል ንኽቅበለኩም ይግደድ።

ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ስሩዕ መርመራታትን ክንክንን ኣብ ቲፓት ሃላቭ ክግበር ይከኣል። ኣብ ማእከላይ መዋፈሪ/ መደበር ኣውቶቡሳት ቴል ኣቪቭ፡ ቴኻና መርካዚት'ዉን መርመራ ክግበር ይከኣል። ድሕሪ ሕርሲ፡ ሆስፒታል ናብ ቲፓት ሃላቭ ክዉክሰኪ ይኽእል።

እታ ኣደ ካብ ሆስፒታል ክትወጽእ ከላ፡ ዕዳ'ኳ እንተሃለዋ፡ ሰብ ሆስፒታል ካብ ሆስፒታል ምውጻእ ክኸልኡዋ፡ ነታ ኣደ ወይ ነቲ ህጻን ከደናጉዩ፡ ወይ ድማ ወረቀት ምስክር ምሃብ ክኣብዩ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ናብ ኣሳፍ፡ ማእከል ጥብቅናን ደገፍን፡ ኩሉ ሰንበትን ረቡዕን ካብ ሰዓት 4 ናይ ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 8 ናይ ምሸት ክትመጽኡ ትኽእሉ።**



This publication has been produced with the assistance of the European Union and War Child Holland. The contents of this publication are the sole responsibility of ASSAF and can in no way be taken to reflect the views of the European Union.

# ሓበሬታ ብዛዕባ ሕክምና



Aid Organization for Refugees and Asylum Seekers in Israel

# ሓበሬታ ብዛዕባ ሕክምና

መሰል ሕሙማት ዘኽብር ሕጊ እስራኤል፡ **ህጹጽ ናይ ሕክምና ረድኤት** ኣብ ዘድልየሉ እዋን፡ ነብሲ ወከፍ ሰብ፡ ናይ ሕክምና ሓገዝ ብዘይ ገለ ቅድመ ኩነት፡ ንሕጂ ከይኸፈለ ብነጻ ክሕከም የፍቅድ።

**አገዳሲ ሓበሬታ:** እቲ ሕጊ ናይ ሕክምና ሓገዝ ንኽወሃብ ዝፍቅድ'ዉን እንተኾነ፡ እቲ ኣገልግሎት ናይ ሕክምና ነጻ እዩ ማለት ኣይኮነን። በቲ ዝተሓከመ ሰብ፡ ወይ'ዉን ናይ ሕክምና መድሕን (ኢንሹራንስ) እንተደኣ ሃልዩ ኮይኑ ብናይ ሕክምና መድሕን ይኸፈል።

**ናይ መሐከሚ ኢንሹራንስ (መድሕን):** ኣስራሒ እንተደኣ ሃልዩካ ናይ መሐከሚ ኢንሹራንስ (መድሕን)፡ ብኣስራሒኻ እዩ ዝዳሎ። እቲ ዋጋ ናይ መድሕን ግን፡ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ኣስራሒኻ ተመቂሉ ይኸፈል። ናይ ሕጂ ኣብ እንዳ ዶክተር ዝተሓከምካሉ ናይ ሕክምና ዕዳን፡ ዕዳ ናይ ህጹጽ ረዲኤት ኣብ ሆስፒታልን ይሸፍን።

ስራሕ ዘይብልካ እንተደኣ ኮይንካ፡ ወይ ድማ ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣስራሕቲ እንተደኣ ኣለዉኻ ኮይኖም፡ (እዚ ማለት ድማ፡ ባዕልኻ ዋጋ ናይ ሕክምና ድሕነት ክትከፍል ትኽእል ማለት እዩ።) ንሃረል ኩባንያ ቴሌፎን ብቁጽሪ 03-7547020 ብምድዋል ክትረኽቦም ኣለካ።

ናይ ሕክምና ድሕነት ንህጻናት ወይ ድማ ቆልዑት (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም) **ብኩፓት ኾሊመሄደት (KupatCholimmeuhedet)** ይዳሎ። (03-5207885 ብምድዋል ከተዳልዉዎ ትኽእሉ ።)

**ናብ ናይ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምኻድ:**

ናይ ሕክምና ህጹጽ ረድኤት ኣብ ዘድልየሉ እዋን፡ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ምኻድ የድሊ።

ናይ ሕክምና ህጹጽ ረድኤት ዘድልየሉ ኩነታት ከመይ ይመስል?

ብመሰረት ሕጊ፡ ናይ ሕክምና ህጹጽነት ናይ ሓደ ሰብ ህይወት ኣብ ሓደጋ ከኣቱ ከሎ፡ ወይ ድማ እቲ ሰብ ቅልጡፍ ሓገዝ እንተደኣ ዘይረኺቡ ነባሪ ጉደኣት ወይ ስንክልና፡ ኪጋጥሞ ዝኽእል እንተደኣ ኮይኑ እዩ ።

ኣብ ሆስፒታል፡ እቲ ጉደኣት ህጹጽ ድዩ ኣይኮነን፡ ብሓኪም (ዶክተር) ይዉሰን። እዚ ዉሳኔ ናይ ሕሙም ወይ ድማ ናይ ትቀባሊ ጋሻ ሓላፍነት ኣይኮነን። ሓኪም እቲ ሕሙም ህጹጽ ናይ ሕክምና ረድኤት የድልዮ ኢሉ እንተ ወሲኑ፡ ሆስፒታል ብዘይ ናይ ክፍሊት ቅድመ-ኩነት፡ ነቲ ሕሙም ክሕክሞ ይግደድ። ድሕሪ እቲ ሕክምናዊ ክንክን ምክያዱ ግና፡ ሆስፒታል ክፍሊት ክሓትት ይኽእል። ሽሕ'ኳ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዘይተኸፈለ ዕዳ እንተሃለወካ፡ ኣብ እዋን ህጹጽነት፡ ሆስፒታላት ናይ ግድን ክቅበሉኻን ክሕክሙኻን ይግደዳ።

**ክሊኒካት ኮፓት ኾሊም**

ናይ ሕክምና ድሕነት እንተደኣ ኣለካ ኮይኑ፡ ዉከሳ ናብ ዶክተር ብመንገዲ ክሊኒክ ኮፓትኾሊም ወይ ድማ በቲ ናይ ሕክምና መድሕን ዝቀረበልካ ዶክተር ይካየድ።

**ናይ ስደተኛታት/ ናይ ህዝቢ ክሊኒካት**

ኣብ ማእከላይ መዋፈሪ ኣዉቶቡስ (ቴኻናመርካዚት፡ ቴለኣቪቭ) ሓደ ናይ ሕክምና ኣግልግሎት ንኹሉ ዝህብ ህዝባዊ ክሊኒክ ኣሎ። እዚ ክሊኒክ፡ ሓደ ሰብ ሕጋዊ ወረቀት ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ንዝኾነ ሓገዝ ዘድልዮ ዘበለ ሰብ ይቕበል። ኣብዚ ክሊኒክ ናይ ህጹጽ ረድኤት ሓኻይም፡ ስፔሻሊስት ሓኻይም፡ ናይ ቤተሰብ ሓኻይምን ኣለዉ።

ናይ መጀመርታ ኣገልግሎት ዋጋ 15 ሽከል ክኸዉን ከሎ፡ ካልእ ተወሳኺ ኣገልግሎት ተወሳኺ ክፍሊት ክህልዎ ይኽእል እዩ።

እዚ ክሊኒክ፡ ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ፡ ሰዓት 8 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 8 ናይ ምሸት፡ ዓርቢ ድማ፡ ካብ ሰዓት 8 ክሳብ ሰዓት 2 ናይ ድሕሪ ቀትሪ ክፉት እዩ።

**ዝኾነ ናይ ጥዕና ጉዳይ እንተደኣ ኢጋጢሙኩም ናብ ህዝባዊ ክሊኒክ ምኻድ ይግባእ።**

**ሓኻይም ንምኽባር ሰብኣዊ መሰል**

ኣብ ያፎ ዝርከብ ክሊኒክ ሓኻይም ንምኽባር ሰበኣዊ መሰል ንኹሉ ሰብ ዝቅበል ኮይኑ፡ ሰሉስን ረቡዕን ካብ ሰዓት 4 ናይ ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ይሰርሕ። ናይ ህጻናት ዶክተር ድማ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9-12 ይሰርሕ።

**"ቲፓት ሃላቭ"**

እዚ ናይ መምርሒ ክሊኒክ ኮይኑ፡ ናይ ህጻናት ጥዕናን ዕብየትን ይከታተል። ከምኡ'ዉን ንነፍሰ ጾር ደቂ ኣንስትዮ ይድግፍ። እዚ ክሊኒክ ናይ ደገፍን፡ ምምራሕን ክሊኒክ ኮይኑ ጥዕና ናይ ህጻናትን ናይ ነፍሰ ጾር ደቂ ኣንስትዮን ይከታተል። ክታበት ድማ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ዕብየት ንህጻናት እንዳተኽታተለ ክታበት ይህብ። ኣገዳሲ ሓበሬታ ንወለዲ ድማ ይህብ። ህጻናት ልዑል ረስኒ ኣብ ዝህልዎም እዋን፡ ወይ ድማ ካልእ ሕማም ኣብ ዘጋጥሞም ግዜ ናብዚ ክሊኒክ ዘይኮነስ ናብ ናይ ህጻናት ዶክተር ምኻድ የድሊ።

እቲ ዝቀረበ ቲፓት ሃላቭ ኣበይ ከም ዝርከብ ንምፍላጥ ንሓኪምኩም ወይ ድማ ንሆስፒታል ተወከሱ።